# ኣብ መንጎ ኣመሪካን ቻይናን ዝረአ ዘሎ ቁጠባዊ ረብሓ ዝሰረቱ ተጻብኦታት፡

## ኣፍሪቃ ቅድመ ግንባር'ያ።

ጸሓፊ ኬቪን ሊማርኬ

ዘርጋሒ ትካል ማዕከን ዜና ሮይቴርስ

ኣብ'ዚ እዋን ህላወ ቻይና ኣብ ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ እናሓየለ ይመጽእ ኣሎ። ንመንግስቲ ኣመሪካ ድማ የሻቕል ኣሎ። ኣብ መንጎ ቻይናን ኣመሪካን ኣነ'ዶ ንስኺ ዓይነት ዘይጽቡቕ ውድድር ይካየድ ኣሎ። ክልተ ዓለማዊ ጽልዋ ዘሕድራት ሃገራት፡ ኣብ ሓንቲ ካብ ድሕረትን ድኽነትን ዘይተናገፈት ግን ከኣ ኣዝዩ ማራኺ ዝኾነ ባህሪያዊ ጸጋታት ዝተዓደለት ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ፡ ኣነ ክብሕቶ ንስኻ ውጻእ ኣይፋል ንስኻ'ባ ውጻእ፡ ዝዓበየ ብምስጢር ዝነኣሰ ብግህዶ ሓያል ንሕንሕ ይካየድ ኣሎ። ነቲ ድኻ ህዝቦም ጥራሕ ዝመልኩ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ፡ ንመድረኽ ዝሑል ኲናት ብዝመስል ኀይቶት ኣምምራጽ ዝተጸምዱ ይመስሉ። ምስ መን እንተተጸጋዕኩ ንህዝበይ ካብ ድሕረትን ድኽነትን የውጽእ እንተዝኸውን ኣይምኸፍኣን። ናይ መን ባርያ እንተኾንኩ'የ ንህዝበይ ብባርነት ዝገዝእ ዝብል ውዱቕ ሕልና ስለዝኾነ ግን፡ ኣብ'ዚ መዋእል'ዚ …ዝብል ሕቶ ከይፈጠረ ኣይተረፈን።

ገለ ካብ'ቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ቻይናን ዘሎ ግሁድ ግን ከኣ ዘይቅጹስ ውድድራት ንኣብነት፡ ምምሕዳር ትራምፕ ንጽልዋን ህላወን ቻይና ኣብ ኣፍሪቃ ንምምካት ሓደ ስትራተጂ ነዲፉ ብወግዒ ምንቅስቃስ ጀሚሩ ይርከብ። ከም ኣበሃህላ ምምሕዳር ትራምፕ እቲ ስትራተጂ ንግዳዊ ምልዋዋጥ፣ ወፍሪ ጸረ-ግብረ ሽበራ፣ ከምኡ'ውን ህዝብታት ዝርብሕሉ ሓገዛት ብምግባር መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ተቖጻጺርካ ንጥፈታት ቻይና ንምድራት'ዩ። ተዓዛብቲ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ዘለዎም ርእይቶ ሓደ ዓይነት ኣይኮነን። ገለ ክልተ ሓያላን ሃገራት ሓላፍነት ዘይስመየም መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ሒዞም ብዛዕባ ካብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ክረኽብዎ ዘለዎም ረብሓታት ክቀራቀሱ ንዕቀት ንህዝብታት ኣፍሪቃ'ዩ ዝብል ትዕዝብቲ ኣለዎም። ገለ ከኣ እቲ ዝበሃል ዘሎ ምትሕግጋዝን ደገፍን ውሑድን ንሸፈጥን'ዩ ዝብል'ውን ኣለው።

ናይ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣማኻሪ ሃገራዊ ጸጥታ ዝኾነ ጆን ቦልተን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ምስ ፖለቲከኛታትን ናይ ኮሌጅ መማህራንን ኣመሪካ ኣብ ዋሽንግቶን ዲስ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ ዘሰመየ መደረ፡ ቻይና ኣብ ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ ተኣምራዊ ባህሪ ተርኢ ኣላ። ሽቶኣ ድማ ንመላእ ኣፍሪቃ ንብሕታ ንምቁጽጻር'ዩ። ቀጺላ'ውን ዓለም ንምቁጽጻር'ዩ ኢሉ።

ልክዕ ንምኳን ቻይና ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ኣፍሪቃ ብዙሕ ርእሰ ማል'ያ ተፍስስ ዘላ። ካብ'ቲ ዝገርም ድማ ቻይና እዚ ኩሉ ኣብ ኣፍሪቃ ተፍስሶ ዘላ ገንዘብ ቅድመ ኩነት ዘይብሉ ምኳኑ'ዩ። ፖለቲከኛታትን ኣወፈርትንን ኣመሪካውያን ድማ እዚ ከም'ዚ ዓይነት ኣይወሓጠሎምን። ኣየቕስኖምን ድማ። ናይ ኣመሪካውያን ሻቕሎት ግን ንቻይና ዝዓጣ ኣይመስልን። ብኣንጻሩ ኣብ ስራሓት ትሕተ ቅርጻዊ መደባት ኣፍሪቃ ብዝሓየለ ገንዘባን ክእለታን ከተፍስስ'ያ ትረአ ዘላ። ምሕዝነት ቻይናን ብተፈጥሮ ሃብቲ ኣዝየን ሃብታማት ዝበሃላ ሃገራት ኣፍሪቃን ኣዝዩ ስጡም'ዩ። ቻይና ንመራሕቲ ናይ'ዘን ብልዑል ባህሪያዊ ሃብቲ ዝፍለጣ ሃገራት ኣፍሪቃ እትምጥዎ ገንዘብ'ውን ብዙሕ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን ኣፍሪቃ ንቻይና እነሆ ፈረስ እነሆ ሜዳ ከም ድላይኪ ኮይኑላ ኣሎ።

ቻይና ኣብ ኣፍሪቃ ብዙሕ ተግባረ ብልሽዋና'ያ ተካይድ። ምስ መንግስታት ሃገራት ኣፍሪቃ እትከብሮ ውዑል ልሙድ ቅጥዒ ዘይኸተል፡ ዘይንጹር፡ ግን ከኣ ቀያዲ'ዩ ይብል ኣማኻሪ ሃገራዊ ጸጥታ ኣመሪካ ጆን ቦልተን። መላእ ኣፍሪቃ ብቻይና እስርቲ'ያ። ቻይና ግን ኣብ ኣፍሪቃ ብልሽውና ጥራሕ ኣይኮነትን ተዘውትር።

*ንረብሓታት ክትብል ብዛዕባ ናይ ከባቢ ሓለዋ ኣይትግደስን'ያ። ተግባራት ኩሉ ኢ-ሞራላዊ'ዩ ይብል ጆን ቦልተን።*

*ኣመሪካውያን ፖለቲከኛታት ኮነ ኣውፈርቶም ገጾም ናብ ኣፍሪቃ ካብ ገበሩ፡ ኣፍሪቃ ዓውደ ኲናት ናይ ርእሰ ሓያላን ሃገራት ትኸውን ኣላ ማለት'ዩ። ዘይተዓደለት ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ ናይ ኣብ መንጎ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ውድድር ላቑባ'ያ ይብል ዕለታዊ ጋዜጣ ዋሽንግቶን ፖስት። እዚ ውድድር ብዛዕባ ቁጠባዊ ጉዳያት ጥራሕ ኣይኮነን። ምስ ጸጥታውን ወተሃደራውን ልዕልነት ኣብ ደቡባዊ ባሕሪ ቻይና'ውን ርክብ ኣለዎ'ዩ። እዚ ግን ሳዕቤን ኣለዎ። ነዚ ሳዕቤን'ዚ ክግንዛብ ዘይኽእል ፖለቲከኛ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን።*

*ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ቻይናን ኣብ ኣፍሪቃ ትኽተሎ ፖሊሲን ኣመልኪቱ ዘስመዖ ዘሎ ነቐፈታ ብባይቶ ኣመሪካ ምሉእ ተቐባልነት ኣለዎ። ኩሎም ተወከልቲ ህዝብን ሴኔተራትን በዚ ጉዳይ ይስማምዑ'ዮም። መንግስቲ ቻይና ግን ነቲ ጉዳይ ብደቂቕ ዝፈልጦ'ኳ እንተኾነ ዘሰክፎ ግን ኣይመስልን። ኣብ ኣፍሪቃ ካብ ማክሮ ኢኮኖሚያዊ ረብሓታት ምስፍሕፋሕ ሓሊፉ፡ ኣብ ምምስራት ወተሃደራዊ መደበራትን ምትእስሳር ወተሃደራዊ ቃል ኪዳናትን ክረባረብ'ዩ ዝረአ ዘሎ። ንኣብነት ኣብ ሃገረ ጅቡቲ ገዚፍ ወተሃደራዊ መደበር ኣቑሙ ኣሎ። ናይ ኣመሪካ ተለምቲ ስትራተጂታትን ፖሊሲታትን ከኣ ንጆን ቦልተን ሓቅኻ ኣይተጋገኻን ክብልዎ ይስምዑ ኣለው።*

*ኣብ'ዚ እዋን ምምሕዳር ትራምፕ ንኣመሪካውያን ኣውፍርቲ ኣስታት* 60 *ቢሊዮን ዶላር ሰሊዑ ናብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ገጾም ክጥምቱ የተባብዕ ኣሎ። እዚ ባጀት'ዚ ምስ ቻይና ኣብ ኣፍሪቃ ተፍስሶ ዘላ ገንዘብ ክነጻጸር እንከሎ ኣብ'ዚ እቶ ዝበሃል ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ካልእ ሓደ ሓቂ'ውን ኣሎ። ቻይና ተለቅሕ ጥራሕ ዘይኮነት ዘለቃሕኩኻ ቀልጢፍካ መልስ ዝብል ጸቕጢ ኣይትገብርን'ያ። በዚ ኣገባብ ድማ'ያ ንሃገራት ኣፍሪቃ ዕዳን ዕንድዳን ትግብረን ዘላ። ሃገረ ጅቡቲ ንኣብነት ናይ ሃገረ ቻይና ናይ ዕዳ እስርቲ'ያ። ከምኡ'ውን ዛምቢያ።*

*ንቻይና ካብ ኩሉ ዓውድታት ወፍሪ ከም ጽላት ዕደና ገይሩ ዝማርኻ የለን ይብል ጆን ቦልተን። ኣመሪካውያን ነዚ ምስተ ዓዘቡ'ዮም ሎሚ ንሃገራዊ ረብሓኦም ክብሉ ናብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ገጾም ክጥምቱ ዝግደዱ ዘለው። ኣፍሪቃ ንምቁጽጻር ዝገብርዎ ርብርብ፡ ውድድሮም ምስ ቻይና ጥራሕ ዘይምዃኑ'ዩም ፖለቲከኛታት ኣመሪካ ብወግዒ ዝዛረቡ። ሩስያ ፌደሬሽን'ውን ኣብ ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ ካብ ቅድም ብዝያዳ ሓያል ተገዳስነት ተርኢ ስለ ዘላ ሓደ ካብ ሻቕሎቶም'ዩ። ብፍላይ ብወተሃደራውን ማክሮ ኢኮኖሚያዊ ፖሊስን ሩስያ ፌደሬሽን ካብ ናይ ቻይና ዝንእስ ከምዘይኮነን እንተዘይገዲዱ ይብል ጆን ቦልተን።*

*ካልእ ኣማኻሪ ሃገራዊ ጸጥታ ኣመሪካ ጆን ቦልተን ካብ'ተን ሓደገኛታት ክብል ዝገለጻ ሃገር ሓንቲ ቱርኪ'ያ። ቱርኪ ሓድሽ ንጥፈታት ትገብር ኣላ። ብፍላይ ወተሃደራዊ ህላወኣ ኣብ ሶማሊያን ሱዳንን። ኣብ ገለ ሃገራት ወሽመጥ'ውን ከምኡ። ንምምሕዳር ትራምፕ ሕማም ርእሲ ኮይናቶ ዘላ ግን ህዝባዊት ሪፓብልክ ቻይና'ያ። ጆን ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ መጻኢ ህላወአን ወሰንቲ ክኾና ይግበአ ክብል'ውን ምኽሪ ሓዘል ሓሳባ ደርብዩ። ግን ሓዘኔታ ድዩ ወይስ ንቻይና እምቢ በልዋ ንዓይ ተማእዘዙኒ ንጹር ኣይኮነን። ጆን ቦልተን ኣብ መወዳእታ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ኩሉ ሸነኻዊ ውሽጣዊ ጉዳያተን ባዕለን ክሪኣን ክውስናን 'ምበር፡ ምስጢራዊ ኣሰራርሓ ቻይናስ ኣየዋጽኣንን ክብል መዲኡ።*

*ትርጉም፡- ዓ.ኢ፡- ወርሒ ለካቲት* 2019

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡* 27-02-2019